ቤት ምኽሪ ንግድን ዘፈር ማሕበራትን መቐለን ቤት ምኽሪ ዘፈር ማሕበራት መቐለን ብሓባር ንዘካይደኦ ባዛርን ኤግዜብሽንን "ፋሲካ ኤክስፖ 2018 " ሰላም ንምትእስሳር ንግዲ ብዝብል ቴማ ካብ 20 መጋቢት ክሳብ 01 ሚያዝያ 2018 ዓ/ም ተሳተፍቲ ባዛር(Exhibitors) ብናይ ባዕሎም ወፃኢ ሸፊኖም ኣተኣላሊሾም ከቕርቡልና ዝኽእሉ መተሓባበርቲ ፕሮሞተራት(Promoters) ወይ መተኣላለሽቲ ተሳተፍቲ(Sales Agents) ኣወዳዲረን ክቕፅራ ይደልያ::

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ሕዳር 17, 2018 (ቅድሚ 11 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 27, 2018 8:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 28, 2018 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኢቨንት ምዝግጃው/

ፃውዒት ጨረታ

ፃውዒት ፕሮሞተራት/መሸጣ ወኪላት ባዛር(Promotors/Sales Agents)

ቤት ምኽሪ ንግድን ዘፈር ማሕበራትን መቐለን ቤት ምኽሪ ዘፈር ማሕበራት መቐለን ብሓባር ንዘካይደኦ ባዛርን ኤግዜብሽንን "ፋሲካ ኤክስፖ 2018 " ሰላም ንምትእስሳር ንግዲ ብዝብል ቴማ ካብ 20 መጋቢት ክሳብ 01 ሚያዝያ 2018 ዓ/ም ተሳተፍቲ ባዛር(Exhibitors) ብናይ ባዕሎም ወፃኢ ሸፊኖም ኣተኣላሊሾም ከቕርቡልና ዝኽእሉ መተሓባበርቲ ፕሮሞተራት(Promoters) ወይ መተኣላለሽቲ ተሳተፍቲ(Sales Agents) ኣወዳዲረን ክቕፅራ ይደልያ::

ስለዚ ኣብ ምትእልላሽን ምቕራብን ተሳተፍቲ ኤግዝቪሽንን ባዛርን ነጋዶ /መፍረይቲ ክተቕርቡ እትደልዩ መተሓባበርቲ ኩነት፣ ፕሮሞተራትን ሸያጭ ወኪላትን ዝኾንኩምን ነዚ ተግባር'ዚ ዝምጥን ተመሳሳሊ ፍቓድ ዘለኩምን ክትወዳደሩ ንዕድም ::

ዘድልዩ ረቓሒታት

ሀ. 1. ናይዚ ግብሪ ዘመን ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎን TIN ዘለዎን

2. ቅድሚ ሀዚ በዚ ተግባር ዝሰርሐሉ ልምዲ ዝገልፅ መረዳእታ ዘቕርብ

ለ. ተወዳደርቲ ብኸመይ ኣገባብ ተሳተፍቲ ከምተቕርቡን/እተሳትፉን ከመይ ዓይነት ተሳተፍቲ(Exhibitors) ከምተሳትፉን ብንፁር መተግበሪ መርሃ ግብሪ ኣዳሊኹም ተቕርቡ

1. ብጭቡጥ እተምፅእዎም በዝሒን ዓይነትን ሕጋዊ ነጋዶ ተሳተፍቲ

2. እቶም ዝቕርቡ ተሳተፍቲ ዝሸጥሉ ዋጋ ትሕቲ መቐለ ስሩዕ ዕዳጋ ክሸጡ ምኟኖም እተረጋግፀሉን እትሕተተሉን መስርሕ ዘቕምጥ

3. ካብ እተቕርብዎም/እተሳትፍዎም ተሳተፍቲ ነጋዶ ካብ ዝርከብ ዝተፃረየ ትርፊ ምስ ቻምበራት እትወስድዎ/እትኸፈልዎ መጠን

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ብፅሒት(%)

4. ስፖንሰር ዝምልከት ዘተኣማምንን ክትግበር ዝኽእልን ትካልን ቤት ዕዮን ኣነፂሩ ብምቕራብ ካብዚ ዝብፅሐ መጠን ብፅሒት(%) ብግልፂ ዘቕምጥ

ሐ. ቻምበራት ንዝቕርቡ መወዳደርቲ ሓሳባት ሓቅነቶምን ክትግበሩ ዝኽእሉ ምኻኖምን ገምጊሙ ዝበለፀን ጠቓሚን ኣካይዳን ኣተገባብራን ብንፁር ዘቕረበ ወይ ዘቕርቡ ፕሮሞተራት/መቕረብቲ ተሳተፍቲ ይምልምላ

ተወዳደርቲ እዚ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ መወዳደሪ ሓሳቦም ብዝርዝር ኣነፂሮም ናብ ቤ/ፅ ንግድን ዘፈር ማሕበራትን መቕለ የቕርቡ፣ ቻምበራት ብዘጣየሸኦ ናይ ሓባር ኮሚቴ ኣቢለን ዕለት 27/03/2018 ዓ.ም ድ/ቀትሪ ሰዓት 8:00 ተዓፅዩ 9:00 ይኸፍተኦ::

ዝተሓረዩ ተወዳደርቲ ቻምበራት ብዘዳለወኦ ናይ ኣፈፃፅማ መተግበሪ ውዕሊ ይኣስሩ፣ በቲ ውዕሊ መሰረት ድማ ናይ ምትግባር ግቡእ ይህልዎም ::

ቻምበራት ነዚ ከይዲ'ዚ ነቲ ዝሓዘኡ ዕላማ ኣብ ምዕዋት ካሊእ ዝሐሸ ኣማራፂ እንተረኪበን ነዚ ጨረታ ውድድር ክስርዛ ወይ ብኽፋል ከመዓራርያ መሰል ኣለወን

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle